National Institute for Public Health
and the Environment
*Ministry of Health, Welfare and Sport*

# ብዛዕባ መከላኸሊ ቲቢ (ዓባይ ሰዓል) ዝወሃብ ክታበት

## ንዓይነት ክታበት (ቢ.ሲ.ጂ.) BCG ዝምልከት ሓበሬታ



ኣብ ኔዘርላንድስ፡ እቶም እንተወሓደ ሓዲኦም ወለዶም ኣብ ከቢድ ናይ ቲቢ.ለብዒ ዘለዎ ሃገር ዝተወልዱ እንተኾይኖም፡ እቶም ቆልዑ መከላኸሊ ክታበት ቲቢ. ይኽተቡ እዮም። እዛ ንእሽቶይ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ሓበሬታ ክትህበኩም ትኽእል እያ።

## ሕማም ቲቢ. እንታይ ማለት እዩ፧

ሕማም ዓባይ ሰዓል (TB) ብቱበርክሎሲስ ዝተባህሉ ዓይነት ባክተርያ ዝመሓላለፍ ሕማም እዩ። ሳዕቤን ናይዚ ሕማም ቲቢ. ድማ ካብ ኣብ ዓበይቲ ሰባት ኣብ ቆልዑ ኣዝዩ ዝበኣሰ እዩ።

## ስለምንታይ መከላኸሊ ክታበት ሕማም ቲቢ. ምውሳድ ዘድሊ፧

መከላኸሊ ሕማም ቲቢ. ዝወሃብ ዓይነት ክታበት ኣሎ። እዚ ብተወሳኺ ዓይነት ክታበት BCG (Bacillus Calmette-Guérin) ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ እዩ። እዚ ዓይነት ክታበት እዚ ተዳኺሞም ሕማም ክስዕቡ ዘይክእሉ ባክተርያታት ናይ ቲቢ. ትሕዝቶ ዘለዎ እዩ። እዚ ባክተርያ እዚ ንኣካላት ናይ ገዛእ ርእሱ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ከምዘጥሪ ይገብሮ።

እዚ ዓይነት ክታበት እዚ ብንእሽቶኻ እንከላኻ ቀልጢፍካ ዝወሃብ ክታበት እዩ። እዚ ክታበት እዚ 100% ካብ ሕማም ዓባይ ሰዓል ናይ ምክልካል ብቕዓት ዘለዎ ኣይኮነን። ነዚ ክታበት ሓንሳብ ምስ እተኸተብካ ግን፡ እቲ ቆልዓ ቡርቱዕ ሕማም ዓባይ ሰዓል ናይ ምምዕባል ተኽእሎ፡ ከም ብሕማም ዓባይ ሰዓል ዝመጽእ ኣንቅጺ ክሕዞ፡ ኣዝዩ ዝተሓተ ተኽእሎ ኣለዎ። እዚ ዓይነት ክታበት እዚ ምስ ካልኦት ዓይነት ክታበታት ተሓዊሱ ክወሃብ ይኽእል እዩ።

## ክታበት ክወስድ ዝግብኦ ከማይ ዝኣመሰለ ሰብ እዩ፧

እቶም እንተወሓደ ሓዲኦም ካብ ወለዶም ኣብ ሕማም ዓባይ ሰዓል ልዑል ተላባዕነት ዘለዎ ሃገር ዝተወልዱ ህጻናት ነዚ ካታበት ናይ ቲቢ. ክኽተቡ ይግብኦም። ብዝረኸብናዮ ጸብጻብ መሰረት ውላድኩም ነዚ ክፍጽሞ ይግባእ።

እቶም ከቢድ ናይ ቲቢ. ተላባዕነት ኣብ ዘለዎ ሃገር ክጸንሑ መደብ ዘለዎም ወይ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለት ሃገር ዝሰርሑ ሰባት፡ እንተኾኑውን ሓደሓደ ግዜ ነዚ ክታበት እዚ ክወስድዎ ይምከሩ እዮም። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብቲ ናይ ጉዕዞን ቲቢ. ዝብል ናይ ሓበሬታ ወረቐት ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

# ካብቲ ንክታበት ዓባይ ሰዓል ንኽትክተቡ ዝተዓደምኩሙሉ ኩነታት

## 1 እቲ ናይ ክታበት ዕድመን ናይ ሓበሬታ ወረቐትን

እቲ ናይ ክታበት ዕድመን ናይ ሓበሬታ ወረቐትን ብዛዕባ ክታበት ቢ.ሲ.ጂን (BCG) ብፖስታ ክለኣኸልኩም እዩ።

## 2 ንቆጸራ ዝምልከት

ብኽብረትኩም በቲ ተገሊጹ ዘሎ ናብ ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና (GGD) ሓብሩ። ብተወሳኺ እቲ ዕድመ ናብቲ ቆጸራ ብዛዕባ ሒዝኩሞም እትመጹ ነገራት ክሕብረኩም እዩ።

## 3 ንኽታበት ምድላው




ተጸዊዕኩም ምስ ኣተኹም ኮፍ ክትብሉ ክትሕተቱ ኢኹም። እቲ ክታበት ኣብ ጸጋማይ ላዕለዋይ ክፋል ኢድ እዩ ዝወሃብ። ስለዚ እዚ ላዕለዋይ ክፋል ኢድ እዚ ክኽፈት ኣለዎ። እቲ ናይ ክንክን ጥዕና ተሓጋጋዚ ንምላድኩም ከመይ ጌርኩም ከምእትሕዙ ክሕብረኩም እዩ።

## 4 ምውጋእ መርፍእ



ቁሩብ ፈሳሲ ኣብ ውሽጢ ቆርበት ናይ ጸጋማይ ላዕለዋይ ክፋል ኢድ ከምዝፈሰ ይግበር።
እቲ ናይ ክንክን ጥዕና ተሓጋጋዚ ክትገብርዎ ዝግበኣኩምን ክትገብርዎ ዘይግበኣኩምን ክሕብረኩም እዩ ከምኡውን ድሕሪ እቲ ክታበት ነቲ ቆልዓ ክትከታተልዎን ክሕብረኩም እዩ። ብዛዕባ ድሕሪ ክታበት ናይ ቢ.ሲ.ጂ. (BCG) ዝግበር ምክትታል ዝገልጽ ፍሉይ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ክወሃበኩም እዩ።

## ውላድኩም እንታይ ምልክታት ከርኢ እዩ፧

እቲ ዓይነት ክታበት ንውላድኩም ኣይከሕምሞን እዩ። ድሕሪ ክታበት ውላድኩም ቀልጢፋ ብርቱዕ ምቖት ኣካላት (ረስኒ) እንተድኣ ኣስዒቡሉ፡ እዚ ሳዕቤን ናይ ክታበት ዘይኮነስ ብኻልእ ምኽንያት ዝመጸ ጉዳይ እዩ። ቀይሕ ዝበለ፡ ብርኽ ኢሉ ዝርአ ማይ ዝቛጸረ ድሕሪ ሓደ ወይ ክልተ ኣብቲ ዝተወግአ ክፍሊ ኣካላት ኣዋርሕ ክጸንሕ ይኽእል እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ካብኡ ንዝነውሐ ግዜ ክጸንሕ ይኽእል እዩ። ከም (ደም ወይ ምጉሊ) ዝኣመሰሉ ጸረር ክብል ይኽእል እዩ። ብተወሳኺውን ኣብ ክሳድ ወይ ትሽቱሽ ሕበጥ ጽኪ ክህሉ ይኽእል እዩ። ድሕሪ ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ዓሰረተክልተ ኣዋርሕ ኣብታ ሕበጥ ዝነበረታ ቦታ በሰላ ክገድፍ ይኽእል እዩ።

እዚ ናይ BCG ክታበት ኣድማዕነቱ ክርኢ ቅሩብ ሰሙናት ክወስድ እዩ።

### ስለምንታይ ኣቐዲምካ ናይ ቆርበት መረመራ ዝግበር (ቱበርኩሊን ናይ ቆርበት መርመራ)፧

ሓደ ሓደ ግዜ ኣቐዲምካ ናይ ቆርበት መርመራ ክግበር የድሊ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ውላድኩም ካብቲ ሃገር ወጻኢ ምስ ዝገይሽ እዩ፡ ወይ ውላድኩም ሓደ ዓመት ዝገበረ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝዕድሚኡ ምስ ዝኸውን ምግባር ይደሊ። እቲ ናይ ቆርበት መርመራ ውላድኩም ጸረነብሳት ኣንጻር ሕማም ቲቢ ኣማዕቢሉ እንተኾይኑን እንተዘይኮይኑን ዝገልጽ እዩ። እዚ ናይ ቆርበት መርመራ ንቀልዑ ዉሑስ እዩ።

እቲ ግብረ መልሲ ናይቲ ናይ ቆርበት መርመራ ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ መዓልታት ክርአ ይኽእል እዩ። ብድሕርዚ ብመሰረት እቲ ዝተረኽበ ውጽኢት ናይ መርመራ ቆርበት እቲ ክታበት ክወሃብ ይከኣል።

### ዝያዳ ሓበሬታን ደገፍን

ውላድኩም ኣብ ከባቢ ክሳድ ወይ ትሽትሽ ሕበጥ ጭዋዳታት ምስ ዘማዕብል ናብ ክፍሊ ኣገልግሎት ህዝባዊ ጥዕና (GGD) ክትድውሉ ኣገዳሲ እዩ። ከምኡ እውን ብዛዕባ እዚ ማይ ዝማዓገ ዕንፍሩር ዝኾነ ስክፍታታት ምስ ዝህልወኩም ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።

## በቲ ካባኹም እንረኽቦ ሓበሬታ እንታይ ክንገብር ንኽእል፧

እዚ ኣገልግሎት ህዝባዊ ጥዕና (GGD) ብመሰረት ሕጊ ነቲ ኣብ ሕክምናዊ ፋይልኩም ዘሎ ውልቃዊ ሓበሬታ ክጥቀመሉ እዩ። እቲ ናትኩም ሓበሬታ ብምስጢር ተታሒዙ ንብቕዓት ናይዚ መደብ እዚ ንምዕባይ ክንጥቀመሉ ኢና።

## ዝኾኑ ሕቶታት፣ ዘይተነጸሩ ነገራት፣ ጥርዓናት፣ ወይ መመላእታታት ኣለዉኹምዶ፧

- ብኽብረትኩም ምስ ኽፍሊ ቲቢ GGD ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ተራኸቡ። ናይቲ መራኸቢ ዝርዝራት ድማ ኣብዚ ዝስዕብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ www.ggd.nl ከምኡውን ኣብቲ ናይ ክታበት ዕድመ ክትረኽብዎ ትኽእሉ።
- ብዛዕባ ሕማም ቲቢ.ል ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፦ www.rivm.nl/tuberculose።

This information is available in English at:
Xogtaan oo Soomaali ah waxaa laga heli karaa:
ብቛንቋ ትግርኛ ዝተተርጎመ መልክዕ ናይ'ዚ ሓበሬታ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ገጽ ክርከብ ይከኣል፦
هذه المعلومات متاحة باللغة العربية في هذا الموضع:
این معلومات به زبان دری در اینجا قابل درسترس است:

www.rivm.nl/en/tuberculosis/information-materials

Published by:

**National Institute for Public Health and the Environment, RIVM**
PO Box 1 | 3720 BA Bilthoven
The Netherlands
www.rivm.nl/en

September 2022

Committed to *health and sustainability*

014300-TIGRINYA